# መግለጺ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

## ብስም ኤምባሲ ኤርትራ ንዝተሰንዘረ ጸለመ።

ብዕለት 30 መስከረም 2007፣ ዳግማይ ድማ ብዕለት 7 ጥቅምቲ 2007 ዓ.ም ኣብ ኣትላንታ ብመራኸቢ ብዙሓን ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሰሜን ኣሜሪካ ንኡስ ሃገረ ስብከትን፣ ክቡራት ካህናትን ዝተሰንዘረ ዘለፋ፣ ሕጊ ሃገር ዝጠሓሰ ንኽብሪ ሃይማኖት ተዋህዶ ዘናኣኣሰ ዘሕዝን ፍጻመ እዩ። እዚ ብስም ኤምባሲ ኤርትራ ዋሽንግቶን ዲሲ ኣብ ርእሲ ካህናትናን ንኡስ ሃገረ ስብከትናን ዝተሰንዘረ ዘለፋን ጸርፍን፡ ብሕጋዊ መገዲ ንስዕቦ እኳ እንተለና፣ ኣብ ዝርዝሩ ኣቲኻ ሓደ ብሓደ ምግላጹ፡ ንርእሲኡ ኣብ ዘየድሊ ህውተታ ምእታው ብምዃኑ፡ ኣብ ዝርዝር ከይኣቶና እቲ መግለጺ ከም ዘለዎ ካብ ክውንነትን ሓቅን ዝረሓቐ ምዃኑ ንገልጽ። ንዕንወትን ምፍልላይ ምእመናን ተዋህዶ ዝዓለመ፡ ኮነ ኢልካ ንኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ፈሊኻ ንምጉዳእ፡ ሓድነት ምእመናን ንምብትታን ዝዓለመ ምዃኑ'ውን ነቲ ጉዳይ ክከታተሎ ዝጸንሐ ሰብ ዝስሕቶ ኣይኮነን።

ወኪል ኤምባሲ ኤርትራ ምስ ወከልቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ንምርኻብ ስለዝሓተተ፣ ኣብ ኣትላንታን ስያትልን ርክብ ተኻይዱ። ኣብቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ጸገምና ሃይማኖታዊ ምዃኑ፡ ሕግን መምርሕን ተዋህዶ ሃይማኖት ተጣሒሱ ምህላዉ፡ ቅድስና ቤተ ክርስቲያን ተዋህዶ ተደፊሩ ከምዘሎ ብጸብጻብ ዝተሰነየ ጽሑፍ ኣቕሪብና። ንዘጋጠመ ኩነታት ምስ መሰነይታ ቪድዮ ገይርና'ውን ኣነጺርና ገሊጽና። ካብ ርእሰ ጉዳይ ናይቲ ሕመረት ቤተ ክርስቲያን ንምርሓቕ ዝግበር ኩሉ ንጎድኒ ገዲፍና፡ ሕጂውን ሕቶና ብሩህን ሃይማኖታዊን እዩ።ሕቶና ዳግማይ ንምንጻሩ፣

1. እቲ ንኽልተ ሽሕ ዓመት ዘገልገለና ናይ መንፈስ ቅዱስ ሥርዓትን እምነትን ቤተ ክርስቲያንና ተጋሂሱ፡ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብዘይሕጊ ካብ መንፈሳዊ መዓርጎም ተኣልዮም ስለዘለዉ ናብ ቦትኦም ክምለሱ።
2. ሕጊ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ብኢደ ወነኑ ቀይሩ፡ ዋና ኣማሓዳሪ እየ እናበለ ኣብ ዝፋን ቤተ ክርስቲያን ዘሎ ተራ ሰብ (ጭዋ) ዮፍታሄ ድሜጥሮስ ካብ ስልጣን ክእለ፣ ቤተ ክርስቲያን ድማ ብፓትርያርክን ብጳጳሳትን ክትምራሕ።
3. ሕግን እምነትን ቤተ ክርስቲያን ረጊጾም፡ ዶግማዊ እምነት ቅድስት ሥላሴ ክሒዶም፡ ብስም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ጉልባብ ጳጳስ እየ እናበሉ ዝንቀሳቐሱ ዘለው ኣባ ሲኖዳ፡ ውግዘቶም ተቐቢሎም ካብ ኣገልግሎት ደው ክብሉ።

ካብዚ ወጻኢ ግና ነቲ መንፈሳዊ ጉዳይ ጓል መገዲ ንምትሓዝ፣ ኣንፈት እቲ ዓላማ ንምቕያርን ምስ ፖለቲካ ንምትእስሳሩ ዝግበር ኩሉ ውዲታትን ተንኮላትን ኣርጊጹ ስለ ዝፈልጦ፣ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ ከምዚ ዓይነት ሸንኮለል ክኣቱ ኣይደልን።

ንመሰል ናጽነት እምነትናን ሃይማኖትናን፡ ብኩሉ ሕጋዊን መንፈሳውን መገድታት ጉዳይና ክንከታተል ምዃንናን ኣብ እምነትናን ሥርዓትን ቤተ ክርስቲያናን ዋጋ ዕዳጋ ከም ዘይንገብር፡ ኣብ ጓል መንገዲ ከም ዘይንኾልልን ድማ ንምእመናንና ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ንሕብር። ብጉርሒ ይኹን ብፍርሒ ነዚ መገዲ ሓቅን እምነትን ረጊጾም ብጌጋ ዝመላለሱ ዘለዉ ካህናት፣ ድያቆናትን ምእመናንን ድማ ንእምነትኩም ዳግም ክትድህስስዎ ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ነተሓሳስብ።

እግዚኣብሔር ቤተ ክርስቲያንናን ሃገርና ኤርትራን ይባርኽ።
ምምሕዳራዊ ቦርድ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ።
7 ሕዳር 2007 ዓ. ም

Eritrean Orthodox Church, Diocese of North America
1904 S Stone mountain Lithonia Rd
Lithonia, GA. 30074
Tele. 770-484-1322
E-mail Diocese@tewahdo.org
www.tewahdo.org
Fax 770-484-1344